Kanton Zürich
Bildungsdirektion
**Volksschulamt**
Pädagogisches, Unterrichtsfragen

Kontakt: Verena Regula Ungricht, lic. phil. I, wiss. Mitarbeiterin, Walchestrasse 21, 8090 Zürich
Telefon 043 259 22 42, verena-regula.ungricht@vsa.zh.ch

15. November 2018


**Tigrinya**

# ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ መዋእለ ህጻናት

ውላድኩም ናይ ትምህርቲ ሂወቱ ወይ ጉዕዞኡ ኣብ መዋእለ ህጻናት ብምእታው ይጅምር:: ኣብዚ ናይ መጀመርያ ደረጃ: ህጻናት ብዝተፈላለየ መንገድታት ይሕገዙን ይተባብዑን ከምኡውን ንምስጋር ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ድሉዋት ከምዝኾኑ ይግበር:: ኣብዚ ብሮሹር (ጽሑፍ) ሓበሬታ ብዛዕባ ዕላማታትን ንጥፈታትን ሕግታትን መዋእለ ህጻናት ኣለኩም::.

## ዕላማታት መዋእለ ህጻናት

ህጻናት መዋእለ ህጻናት ምስ ኣተዉ: ንዝተወሰነ እዋን ቀጻሊ ካብ ወለዶም ወይ ሕጋውያን መዕበይቶም ይፍለዩ:: እዚ ድማ ንህጻናት ሓድሽ ናይ ሂወትን ጸወታን ተመኩሮን ባይታ ይኸፍተሎም::.

ፍልጠት: ክእለትን ደረጃ ምዕባለን ዘድሊ ናይ ቋንቋ ክእለትን: ኣብ እዋን ምጅማር መዋእለ ህጻናት ዝተፈላለዩ ኢዮም:: እቲ ዕላማ ድማ ናይ ኩሉም ተመሃሮ ውልቃዊ ምዕባሌታትን ምምሃርን ንምሕጋዝን ንምትብባዕን ኢዩ:: ነፍሲ ወከፍ ህጻን ናቱ ክእለት ብዝተኻእለ መጠን ከለልይን ከማዕብልን ይኽእል::

## «ምምሃር » ኣብ መዋእለ ህጻናት እንታይ ይመስል?

መዋእለ ህጻናት: መባእታ ቤትምህርትን: ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን: ዝተኣሳሰረ ናይ ትምህርቲ መደብ – መደብ ትህምህርቲ ዙሪክ 21 ዝብሃል (Zürcher Lehrplan 21) – ኣለዎም:: ኣብዚ መደብ ትምህርቲ: እንታይ ክእለታት ኣብ መዋእለ ህጻናት ክምሃሩ ከምዘለዎም ኣቐዲሙ ብንጹር ተገሊጹ ይርከብ:: እዚ መድብ ትምህርቲ ኣብ ሓደሽቲ ኣፍልጦታት ብዛዕባ ዕቤታትን ምምሃርን ህጻናትን ዝተሞርከሰ ኢዩ::

ጸወታ ልዑል ትርጉም ኣለዎ: ኣገዳሲ ክፋል ናይ ትምህርቲ ድማ ኢዩ:: ህጻናት እንዳተጻወቱ ይማሃሩ:: ንኣሽቱ ህጻናት: ብምዕዛብ: ካብ ካልኦት ብምቕዳሕ: ብምስታፍን: ኢደ ጥባብ ብምስራሕን ወይ ብዘረባን ይማሃሩ:: ውልቃዊ ክእለቶም ክፍትኑን ከማዕብሉን ሓጎስ ይፈጥረሎም:: መጀመርታ ህጻናት ጸወታን ትምህርትን ኣይፈላልይዎን ኢዮም:: ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ግን ኣተሓሳስብኦምን ናይ ምምሃር ክእለቶምን እንዳተቐየረ ይኸይድ:: ምስትውዓሎም ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ብግዳም ዝመጽእ ትምህርቲ እንዳተመሓየሸ ይኸይድ:: ብኸምዚ ምኽንያት እቲ ቐንዲ ናይ ምምሃር መስርሕ ምስ ግዜ ናብ ዝተወሰነ ዛዕባታት ይቕየር: ንኣብነት ኣብ ቋንቋ ኣብ ቁጽርን ኣብ ኢደጥበብን::

ኣብ መዋእለ ህጻናት ናይ ትምህርቲ ቋንቋ ብመሰረቱ ናይ ስዊዝ ጀርመን ኢዩ:: ኣድላዪ ምስ ዝኸውን: ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት: ቋንቋ ጀርመን (ሆኽዶይች) ምጥቃም ይክኣል ኢዩ::

.

## ትዕዝብትን ገምጋምን ኣብ መዋእለ ህጻናት

ተማሃሮ ንኹሉ ብዘጠቓልል መገምገሚ መስርሕ ይግምገሙ:: እቲ መሰረት እቲ ኣብ ናይ ዙሪክ መምሃሪ መደብ 21 (Zürcher Lehrplan 21) ዝተገለጸ ወይ ዝተዘርዘረ ክእለታት ኮይኑ: እቲ መምህር ነቲ ህጻን ደረጃ ምዕባሊኡ: ፍልጠቱን: ክእለቱን ድልየቱን ብምዕዛብ ይግምግሞ:: እዚ ትዕዝብታትን ገምጋምን: ንናይ ኣብ መጻኢ ዘድሊ ደገፍን ምትብባዕን ትምህርታዊ ውሳኔታትን መሰርት ኢዩ:: ከምኡውን መሰረት ንናይ ሓባር ስራሕ ምስ ዝተፈላለዩ ክኢላታትን (Heilpädagoginnen, Logopädinnen ወዘተን) ምስ ውለድን ኢዩ:: እዚ ንኹሉ ዘጠቓልል ገምጋም እቲ ህጻን ከምይ ይኸይድ ከምዘሎ ብንጹር የርኢ:: እቲ ውጽኢት ድማ ነቲ ህጻንን ንወለዱን ወይ ንሕጋውያን መዕበይቱን ይግለጸሎም:: እቲ መምህር ናይ መዋእለ ህጻናት ንወለዲ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ንምይይጥ ይዕድሞም:: ወለዲ ነቲ ካልኣይ ናይ ምይይጥ ዕድመ ክገድፍዎ ይኽእሉ ኢዮም: እንድሕር እቲ መምህር ነቲ ድልየቶም ተረዳዲኡሉ::

ድሕሪ ምይይጥ: ወለዲ እቲ ዘተ ከምዝተገብረ ንምርግጋጽ ኣብ ሓደ ቅጥዒ ይፍርሙ:: ወለዲ ምይይጥ እንተዘይደልዮም ከማን ኣብቲ ቅጥዒ ከምኡ ኢሎም ይገልጹን ይፍርሙን:: እቲ ቅጥዒ ኣብ ማህደር ይዕቀብ:: ኣብ መወዳእታ ናይ መዋእለ ህጻናት ግዜ ድማ ንወለዲ ይወሃብ (ከምቲ ባጀላ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ)::

## ተኽእሎ ዘይምእታው ንመዋእለ ህጻናት

ሓደ ህጻን ጸገማት ምስዝህልዎን ወይ ትጽቢት ናይ ጽግማት ምስዝህሉ: እቲ ጸገማት ክአ ብፍሉይ ሓገዝ ክኢላታት ናይ ትምህርቲ ዘይፍታሕ ምስዝኸውን: መዋእለ ህጻናት ከይጅምር ይኽእል:: ኣብ እዋን ከይዲ ናይ መዋእለ ህጻናት እውን: ብፍሉይ ምኽንያታት ምቁራጽ ካብቲ ትምህርቲ ከጋጥም ይኽእል:: ከምዚ ዓይነት ሕቶ ብወለዲ ወይ ብመማህራንን ክቐርብ ይኽእል:: ወሰንቲ ግን ኣለይቲ ቤት ትምህርቲ (Schulpflege) ኢዮም:: እቶም ወለዲ ንውሳኔ ኣለይቲ ቤት ትምህርቲ (Schulpflege) ምስዘይሰማምዑሉ ጥርዓን ናብ ዝለዓለ ኣካል: መኽርቲ/ኣለይቲ ዞባ (Bezirksrat) ክቕርቡ ይኽእሉ::

## ምስጋር ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ

መዋእለ ህጻናት ከም ግቡእ ክልተ ዓመት ኢዩ:: መብዛሕትኡ ጊዜ ምሕላፍ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ብዘይ ጸገም ኢዩ ዝከናወን:: ምስግጋር ብመሰረት ሕግን ነጥብታትን መደብ ቤት ትምህርቲ ይካየድ:: እዚኦም ነጥብታት: መዋእለ ህጻናት ኣበየናይ መዳይ ክእለት ኣተኲሩ ከምዝሰርሕ የርኢዩ:: እንተኾነ ግን: እቶም ህጻናት ኩሉ እቲ መዳይ ክእለታት ክኽእልዎ ወይ ከማልእዎ ኣድላዪ ማለት ኣይኮነን::. ፈለማ ኣብ መወዳእታ ናይ ካልኣይ ክፍሊ ኢዩ እቲ ብተምሃሮ ክማላእ ዘለዎ ነጥብታት ትጽቢት ዝግበር::

ተማሃራይ ጸገም ናይ ምምሃር ወይ ናይ ምዕባለ ምድንጓያት ምስዝህልዎ: ካልኦት ፍሉያት ሓገዛት የድልይዎ እንተኾይኖም ክጻረ ይግባእ:: ነዚ ወለዲ ምስ መማህራን ኮይኖም ብሓባር ይውስንዎ:: እዚ ንምፍጻም ፍሉይ ናይ ዘተ መሳርሒ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣሎ:: ዘተ ኣብ ምፍጻም ስምምዕ ምስዘይህሉ: መራሒ በትምህርቲ ከምኡውን ኣድላይ እንተኾይኑ ኣለይቲ ቤት ትምህርቲ (Schulpflege) ኣብቲ ዘተ ከም ዝሳተፉ ይግበር:: ነቲ ፋይል ብምምርማር ድማ ኣለይቲ ቤት ትምህርቲ ውሳኔ ይህቡ:: እዚ ውሳኔ ወለዲ ምስዘይሳማምዑሉ: ጥርዓን ኣብ ዝለዓለ ኣካል: መኽርቲ/ኣለይቲ ዞባ (Bezirksrat) ክቕርቡ ይኽእሉ::

### ብኩራት: ናጻ ፍቓድን ናይ ጆኬር መዓልትታትን

ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ግዴታ ኢዩ:: ኩሉ ሕግታት ናይ ብኩራትን ናይ ነጻ ፍቓድን ናይ ጆኬር መዓልትታትን: ንመዋእለ ህጻናት እውን ይምልከት:: ብንጹር ንምግላጽ: ንአብነት ሓደ ቆልዓ ምስ ዝሓምም እሞ አብ ገዛ ምስዝተርፍ: መምህር ክሕበር ይግባእ::

እንድሕር ብኩራት አቐዲሙ ዝፍለጥ ኮይኑ: ንመራሒ ቤት ትምህርቲ ንናይ ነጻ ፍቓድ ጥርዓን ክቐረበሉ አለዎ:: ናይ ነጻ ፍቓድ ንምሕታት ብቑዕ ምኽንያታት የድልዩ: ከም ነአብነት: ፍሉይ ውልቃዊ ጉዳያት: ፍሉያት ሃይማኖታውያን በዓላት ወይ ዝመሓላለፍ ሕማማት ናይቲ ህጻንን አብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሰባትን:: መራሒ ቤት ትምህርቲ: ካብ ትምህርቲ ነጻ ዝኾኑ መዓልትታት አብ ዘፍቅደሉ እዋን: ውልቃዊ: ስድራቤታውን ትምህርትቤታውን ኩነታት ክግንዘብ አለዎ::

ነፍስወከፍ ተምሃራይ ናይ ክልተ መዓልቲ ጆኬር መሰል አለዎ:: እዚ ማለት ብዘይ ፍሉይ ናይ ነጻ ፍቓድ ንኽልተ መዓልቲ ካብ ትምህርቲ ከብኩር ይኽእል:: ወለዲ እዘን ክልተ ናይ ጆኬር መዓልታት መዓስ ከምዝውሰዳ አቐዲሞም ንመምህር ክሕብሩ አለዎም:: ዘይተጠቀምካሉ ናይ ጆኬር መዓልቲ ይሓርር:: ወለዲ ነዚ ዝምልከት ቅኑዕ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጊ ናይቲ ምምሕዳር (ገማይንደ) ብቤት ትምህርቲ ይውሃቦም::

### ወለዲ መሰልን ግዴታን አለዎም

መሰልን ግዴታን ውለዲ ብሕጊ ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ዝተደንገገ ኢዩ:: ወለዲ አብ እዋኑ ብዛዕባ አወዳድባ ትምህርቲ ውላዶም: ማለት አበየናይ ክፍሊ ተመዲቡ: ቦታ ትምህርቲ: ሰዓታት ትምህርቲ ከምኡውን ካልኦት ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ: ክሕበሩ አለዎም:: መምህር አብ እዋኑ ንመዋእለ ህጻናት ዝምልከት ሓበሬታ ንወለዲ ይህቦም::

ፍሉይ ኩነታት ምስዝህሉ: ወለድን መማህራንን ሓበሬታ ክለዋወጡ አለዎም:: እዚ ማለት: ንአብነት እቲ ህጻን ጸገም ምስዝህልዎ: ዘይተሓሰበ ነገራት ምስዘጋጥም: ህጻን አብ ንጥፈታቱ ድኽመት ምስ ዘርኢ ወይ ካሊእ ፍሉይ ነገር ምስዘጋጥም ኢዩ::

አብ ትምህርቲ: ወለዲ ብውልቆም ይኹን አብ ናይ ሓባር ስራሕ ቤትምህርቲ ክሳተፉ መሰል አለዎም:: እዚ ማለት ንአብነት አብ ትምህርቲ ጉዕዞ ውላዶም (ምስጋር ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ): ፍሉይ ስጉምትታት ንሓገዝ እቲ ህጻን አብ (አብ ዝግበር ዘተን ምይይጥን) ወይ አብ ናይ ጉድለት ስነስርዓት ውላዶም ስጉምትታት ምስ ዝውሰደሉ እዋን ኢዩ:: ምስታፍ አብ ናይ ወለዲ ኮሚቴን ናይ ቤት ትምህርቲ መደብን ብወለንታ ኢዩ:: እዚኦም ንናይ ምስታፍ መሰላት ዝምልከቱ ሕግታት: አብ መምርሒ (ቁዋም) ናይቲ ገማይንደ ይርከቡ::

አገልግሎት ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ካብ ክፍሊት ነጻ ኢዩ:: እዚ ግን አብ ትነብረሉ ቦታ ኢዩ ዝሰርሕ:: እቲ ህጻን አብ እዋን ቀትሪ: ካብ ዘነብረሉ ቦታ (ገማይንድኡ) ወጻኢ ዝውዕል እንተኾይኑ (ንአብነት ምእላይ ብአለይቲ ቀትሪ (Tagesfamilie) አድላዪ እንተኾይኑ): እዚ ካብ ክፍሊት ነጻ ዝኾነ መሰል: አብቲ ኢቲ ህጻን ዝውዕለሉ ገማይንደ ክሕተት ይክአል::  አገዳሲ ምኽንያት ምስዝህሉ: ወለዲ ውላዶም አብ ካሊእ ገማይንደ ንኽምደብ ጥርዓን ናብ አለይቲ ቤት ትምህርቲ (Schulpflege) ክቐርቡ ይኽእሉ:: እቲ ዝምልከቶ ገማይንደ ነቲ ጥርዓን መርሚሩ ውሳኔ ይወስድ:: ክፍሊት ውን ክውስን ይኽእል:: ነአብነት እቲ መንገዲ ናብ ቤት ትምህርቲ ነዊሕ ወይ ሓደገኛ እንተኾይኑ'ውን: እቶም ዝምልከቶም ገማይንደታት ነንሕድሕዶም ስምምዕ ክገብሩሉ ይኽእሉ::

ንወለድን ንኻልኦት ህጻናት ንዝአልዩ (ሕድሪ ዝተቐበሉ) ሰባትን ዝምልከት ሕግታት ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ አሎ:: ንአብነት ህጻናት ትምህርቶም ብግቡእ (እኹል ዕረፍቲ እንዳገበሩ: ብዘይ ብኩራት) ንኽከታተሉ ሓላፍነት ይወስዱ:: ብተወሳኺ ህጻናት ንትምህርትን ንኻልኦት አጋጣሚታትን (መገሻ: ወዘተ) ግቡእ አከዳድናን ግቡእ መግብን ካልኦት አድለይቲ ነገራትን ንኸማልኡሎም ይግደዱ::

### መንገዲ ቤት ትምህርቲ

ህጻናት አብን ናብን ቤት ትምህርቲ ንምምልላስ ሓላፍነት ወለዲ ኢዩ:: ብመሰረቱ: ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን: ህጻናት ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ነብሶም ክኢሎም ክመላለሱ ክለምድዎ አለዎም:: እቲ መንገዲ አዚዩ ነዊሕ ወይ ሓደገኛ እንተኾይኑ ግን: እቶም አለይቲ ቤት ትምህርቲ ንድሕነት ህጻን ዝግባእ ውሳኔታት ይገብሩ:: ነአብነት ብወጻኢታት ናይቲ ገማይንደ አስነይቲ ይገብሩሎም: ወይ ካልኦት አለይትን ሓበርትን (መራሕቲ) ይምድብሎም::   .

## ናይ ኣብ ትምህርቲ ምርካብን ናይ ምምሃርን ሰዓታት

ንኹለን ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርትታት ዝምልከት ኣብ ቤት ትምህርቲ ትርከበሉ ሰዓታት ኣሎ (Blockzeit):: ገማይንደታት ካብ ሰዓት 8 ክሳዕ 12 ናይ ትምህርትን ካሊእ መእለይን ቦታታት (ኣገልግሎት) ክዳልው ይግደዱ ኢዮም:: ይኹንደኣምበር ትምህርትን መእለይን ሰዓታት እንተበዝሐ ን20 ደቒቕ ክሓጽር ይፍቀድ ኢዩ::

መዋእለ ህጻናት ፍሉይ ውልቃዊ ዝኾነ (ነቶም ተማሃሮን ወለድን ዝሰማማዕ) ተማሃሮ ዝቕበሉሉ ሰዓታት ኣለዎም (ካብቲ ግዴታዊ ውጥን ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ):: እዚ ወለንታዊ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ነፍስ ወከፍ ህጻን ክጥቀመሉ ይኽእል:: ኣብዚ ፍሉይ መቐበሊ ሰዓታት (ክሳብ እቲ ግዴታዊ ውጥን ሰዓታት ትምህርቲ ዝጅምር): እቶም መማህራን: ነቲ ትምህርቲ: ነቶም መጺኦም ዘለዉ ህጻናት ብዝጥዕም መንገዲ ጌሮም የካይድዎ::

እቲ ግዴታዊ ውጥን ሰዓታት ብናይ ዙሪክ ናይ ትምህርቲ መደብ 21 (Lehrplan 21) ዝተወሰነ ኢዩ:-

- 1. ናይ መዋእለ ህጻናት ዓመት:- 20 ሰሙናዊ ናይ ትምህርቲ እዋን (ፐርየድ): ትምህርቲ ናይ ንግሆ ብመሰረት ናይ ምህላው ሰዓታት ወይ ህጻናት ዝርከቡሉ ሰዓታት (Blockzeit)
- 2. ናይ መዋእለ ህጻናት ዓመት:- 24 ሰሙናዊ ናይ ትምህርቲ እዋን (ፐርየድ): ትምህርቲ ናይ ንግሆ ብመሰረት ናይ ምህላው ሰዓታት ወይ ህጻናት ዝርከቡሉ ሰዓታት (Blockzeit) ከምኡውን ክልተ መዓልቲ ናይ ድሕሪ ቀትሪ

## መእለይታት ህጻናት

ኣድላዪ ኣንተኾይኑ: ቤትምህርትታት ሓደ ገማይንደ: ኣብ እዋን ምሳሕ: ኣብ ድሕሪ ቀትሪ (ክሳብ ሰዓት 18) ወይ ከኣ ኣብ ንግሆ (ካብ ሰዓት 7.30) ቅድሚ ናይ ምህላው ወይ ምርካብ እዋን (Blockzeit) ዘሎ ግዜ: ርትዓዊ ናይ መእለዪ ኣገልግሎት ክዳልዋ ይግደዳ ኢየን:: እዚ ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት ካብቲ ናይ ምህላው ወይ ምርካብ ሰዓታት (Blockzeit) ወጻኢ ስለ ዝኾነ ካብ ክፍሊት ነጻ ኣይኮነን:: ወለዲ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ገማይንደ ካብ ኣመሓደርቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ካብ መማህራን ክረኽቡ ይኽእሉ::